ሓድነትን ሓያል ናይ ተቓውሞ መኸተን ህዝቢ ኤርትራ እናተቐርመመ ይኸይድ ምህላውን ፍሹል ምኽኑን ብምርግጋጽ ድማ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ኣንጻር ውሳኔ እገዳ ዘካየዶ ዓለም ዘገረመ ሰላማዊ ሰልፊ ኣመጉሱ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ዝኾነ ህሞት ሓደ ኣካል ምኻኑ ዘረጋገጸ ተወሳኺ ሓቂ ምንባሩ እውን ሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታትን ርእይቶታትን ዘዕግብ መልሲ ሂቡ። ተሳተፍቲ ብሚኒስተር ንህልው ኩነታትን ምዕባሊናን ንዝተዋህቦም ሰፊሕ መግለጺ ብምምጓስ፡ መኸትኦም ኣሕይሎም ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ሓድነቶም ኣትሪሮም ኣብ ጎኒ መንግስቶም ኮይኖም ከከትኦም ዳግም ክሕይሉ ምኻኖም ቃሎም የሕዲሶም።

ሰንበት ዕለት 11 ሓምለ፡ ብሸሞንተ መንእሰያትን ሓንቲ ሓርበኛ ኣደ ወ/ሮ. ግደይ ገብረእግዝኣብሄርን ናይ ዝቐረቡ ግጥምታት ውድድር ስነጽሑፍ ኢዩ ተካይዱ። ኣብዚ ብትሕዝትኡን ኣቐራርብኡን ንተሳተፍቲ ዝመሰጠን ዘበራበረ ግጥምታት ንፈስቲቫል ዝያዳ ድምቀት ዝኾልዐ ምንባሩ ኢዩ ።

ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳድር ዘመደ ተኽለን፡ ንኩሉን እተን ኣብዚ ፈስቲቫልዚ ንዝተሳተፋ ቁሸት ማሕበረ ኮማት ፡ ኣብ ሰእልን ቅብኣን ምርኢት ኢግዚቪሽን፡ ኣብ ውድድር ሰነጽሑፍ፡ ውድድር ስፖርታዊ ግጥማትን ንዝተዓወቱ ዜጋታትን ጋንታትን፡ ኩሎም ኣብዚ ፈስቲቫልዚ ኣበርክቶ ንዝገበራ ሃገራውያን ማሕበራትን ናይ ታርጌታን፡ ማዳልያን ዋንጫታት ዓዲሎም። ንመዘኸርታ ክቡር ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ብስም ፈስቲቫል ኤርትራ 2010 ...ንኺድ ጥራይ... ትብል እዋናዊት ሓረግ ህዝቢ ኤርትራ ዘላታ ታርጌታ ካብ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ተቐቢሉ።

ኣብዚ ፈስቲቫልዚ ዕድመ ዝተገበረሎም ምሓዙት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ኢጣልያውንን ተሳቲፎም፡ ናይ ዮሃናን ምሕዝነትን መልእኸቲ ድማ ኣቕሪቦም።

ዓርቢ ዕለት 09 ሓምለ ዝተኸፈተ ፈስቲቫል 2010 ሰንበት ዕለት 11 ሓምለ ብዓወት ተዛዚሙ። ካብ ኤርትራ ብዝመጸት ወናማት ስነ ጥብባውያን ዝሓቐፈት ጉጅለ ባህሊ ሴራ ድማ ንተሳተፍቲ ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት ንወኒ ዘበራብር፡ ንመኸተ ድማ ዝያዳ ዘበራብር ድሙቕ ባህላዊ ጸወታ ኣካይዳ።

ዓወት ንሓፋሽ

ኣዋሃዲት ሽማግለ በዓላት-ሚላኖ